# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ኢየሱስን ዘኬዎስን




ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ



ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org



©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣







ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ብኢያሪኮ ኣቢሉ ይሓልፍ ነበረ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ቐድማ ነዊሕ እዋን ኢያሱ ኣዕኒዋ ነይሩ እዩ፡ እንደገና ተሃኒጻ ብዙሓት ሰባት ከኣ ይነብርዋ ነበሩ ። ሓደ ኻባታቶም ዘኬዎስ ዚበሃል ሰብኣይ ነበረ ።


እቶም ኣብ ኢያሪኮ ዝነበሩ ኻልኦት ሰባት ዘኬዎስ ካብኦም ግብሪ ገንዘብ ስለ ዝእክብን፡ ካብቲ ንመግስቲ ዝልእኮ ንላዕሊ ንባዕሉ ገንዘብ ስለ ዝወስድ እቶም ህዝቢ ኢያሪኮ ብዙሕ ኣይፈትውዎን ይኾኑ።
3


ዘኬዎስ ግብሪ ገንዘብ [ቀረጽ] ሰለ ዝእክብ ኣዝዩ ሃብታም ክኸውን ገይርዎ ኢዩ፡ መንበሪ ቤቱ ካብ ኩሎም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ዝበለጸት ነይራ ኸትከውን ትኽእል እያ።
4


ግናኸ ናይ ገንዘብ ሕጽረት እኳ እንተዘይነብሮ፡ ብቕሎቱ ግን ኣዝዩ ሓጺር እዩ ነይሩ፡ ዘኬዎስ ከም ካልኦት ሰባት ብቁመት ኣይዓበየን።
5


ዘኬዎስ ኢየሱስ ኣብ ኢያሪኮ ኸም ዘሎ ምስ ሰምዐ፡ ነቲ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ዚዛረብ ካብ ናዝሬት ዝመጸ ሰብኣይ ኪርእዮ ደለየ፡ እቶም ህዝቢ ግን ብዙሓት ካብኡ ዝነውሑን ነበሩ።
6


ዘኬዎስ ግን ሓደ ሓሳብ ነበሮ፡ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ከይዱ ኣብ መገዲ ኣብ ዝነበረት ኦም ብምድያብ ን ኢየሱስ ክርእዮ።
7


ዘኬዎስ ኣብ ሓንቲ ዳዕሮ ደይቡ ኣብቲ ጨናፍር ናይታ ኦም ምቹእ ቦታ ብምርካብ ን ኢየሱስ ክሓልፍ ከሎ ክጽበዮ፡ በዚ ድማ ብካልኦት ሰባት ከይተራኣኹ ን ኢየኡስ ክርእዮ እየ ዝብል ሓሳብ ነይርዎ፡፡
8


















ኢየሱስን ዘኬዎስን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ሉቃስ 19

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

14




53

60



እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እም ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡፡16